TIGRINJA

# ምኽርታት ንንኣሽቱ ቆልዑ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ስክሪን



ኣብ እዋን መኣዲ ጽቡቕ ልምድታት ኣመጋግባ ከነጥርን ክንዘራረብን ንኽእል ኢና። ስክሪም ምጥቃም ኣወግዱ።

ትሕቲ 2 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ መብዛሕትኡ ግዜ ቲቪ፣ታብለትን ሞባይልን ምጥቃም ይፈትዉ እዮም፡ ግን ክጥቀሙሉ ኣይግብኦምን።

ኣብ ቆልዑ ዝርከቡሉ ቦታ ቲቪ ኣብ ጥቕኦም ክትውላዕ ኣይግብኣን።



ምስ ውላድካ ኣብ ትህልወሉ እዋን ተሰፎንካ ኣልግሳ። ኣብ ሞባይልካ ዝመጽእ ዝተሓደሰ ሓበሬታታት ብዝሒ ከምዝቕንስ ግበር።





ውላድካ ንክረጋጋእን ስምዒታቱ ብዘይ ስክሪን ክቆጻጸሮን ሓግዞ።

ቆላሕታ ሃቦ፡ ምስ ውላድካ ብቕልል ዝበለ ቋንቋ ብዙሕ ተዛረብ፣ከምኡ`ውን ኣብ ክነጥፈሉ ዝኽእል ጻወታ ንክጻወት ኣተባብዓዮ፡ ንኣብነት ኣገጣጢምካ ብትሃንጸሎም መጻወቲ ቅርጽታት(klosser):ስእሊ ምስኣል፣ኩዕሶ-እግሪ፣ኣብ መጻወቲ ሓመድን ምስ ካልኦት ቆልዑ ዝጽወት ጻወታታትን።



<u>ነዞም ምኽርታት ምኽታል ንክእለታት ናይቲ ቆልዓ፣ኣካላዊ ምዕባለኡን ጥዕና ሓንጎሉን የጠንክሮ እዩ።</u>

ክሊኒክ መንእሰያትን ቆልዑን፡ ሆስፒታልን ዩኒቨርስትን ኦስሎ

ማሕበር ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ኖርወይ

ማሕበር ክኢላታት ፊዝዮተራፒያ ኖርወይ

እዚ ኣብ ሞያዊ ፍልጠትን ምኽርታትን ሃገራዊ ትካል ጥዕና ኖርወይን ኮሚቴ ኣጠቓቕማ ስክሪንን ዝተሞርኮሰ እዩ።

# ንምንታይ ኢና ምኽርታት ኣጠቓቕማ ስክሪን ክንክተሎም ዝግበኣና፧

- **ቋንቋ ብምዝርራብ ኢና ብዝበለጸ ኣገባብ ንመሃሮ።**ብሓንሳብ ክትዘራረቡ ከለኹም ቆልዑ ግብረ-መልሲ ይረኽቡ፡  ገጻዊ ምልክታትን ኣካላዊ ምልክታትን ምርዳእ ይመሃሩ፡ከምኡ`ውን ቋንቋ ብንጥፈት ክለማመዱሉ ይኽእሉ። ቆልዑ ክዓብዩ ከለዉ ምስ ካልኦት ሰባት ብጽቡቕ ዝኾነ ኣገባብ ክዘራረቡን ክሕወሱን ንክበቕዑ ብምሉኡ እዚ ዝተጠቕሰ ግድን እዩም ክመሃሩዎ ዘለዎም። ቆልዑ ስክሪን ክርእዩ ከለዉ ከምዚ ዓይነት ትምህርቲ እዩ ዝንፈጎም ዘሎ። ቅልል ዝበሉ ቃላትን ሕጽር ዝበሉ ምሉእ-ሓሳባትን ተጠቐም፡ ብዛዕባ እቲ ብሓንሳብ ትርእዩዎን ትገብሩዎን ዘለኹም ተዛረቡ፡"እወ፡ርአ፡ሓንቲ ኩዕሶ!ሓንቲ ዓባይ ኩዕሶ። ክትሕዛ ትደሊ፧" ። መጽሓፍቲ ኣንብቡን ብሓንሳብ ድረፉን።

- **ቆልዑ ኣብ ስምዒታቶም ሓገዝ የድልዮም እዩ።**ስክሪን ከም መረጋግኢ ቆልዑ ብብዝሒ ምጥቃም ናይ ገዛእ ርእሶም ስምዒታትን ናይ ካልኦት ስምዒታትን ክርድኡዎን ክተሓሓዙዎን ዘለዎም ክእለት ከዳኽሞ ይኽእል እዩ። ነቲ ቆልዓ እንታይ እዩ ዝፍቀድ፡እንታይ እዩ ከ ዘይፍቀድ ኣርእዮ። እቲ ቆልዓ ክሓዝን ወይ ክሓርቕ ከሎ ንባዕልኻ ህዱእ ብምኳን ንከተደዓዕሶ ምስኡ ሃሉ። እንታይ ይግበር ከምዘሎ ምስቲ ቆልዓ ተዘራረበሉ፡ ንኣብነት ''ኣድርያን ሻንኬሎኻ ኣሕዲጉካ። ሓሪቕካን ሓዚንካን ከምዘለኻ ይርእየካ ኣሎኹ። ግን ኣድርያን ክትሃርሞ ኣይፍቀደልካን እዩ።''

- **ቆልዑ ንክመሃሩ ንጡፍ ጻወታ የድልዮም እዩ።** ኣብ ውሽጥን ደገን ብምንቅስቓስ፡ ህዋሳቶም ብምጥቃምን ዝተፈላለዩ ነገራትን መጻወቲታትን ብምድህሳስን ብምጥቃምን እዮም ብዙሕ ክእለታት ዝድልቡ። ምስ ካልኦት ቆልዑን ዓበይትን ንጡፍ ጻወታ ክጻወቱ ከለዉ ግድላት ምፍታሕ ይመሃሩ፡ ከምኡ`ውን ኣካላዊ፡ማሕበራውን ቋንቋውን ብቕዓቶም ይምዕብል እዩ። ከይተንቀሳቐሱ ኣብ ስክሪን ብምርኣይ ዝመሃሩዎ  ሓደ ኣይኮነን።